# ናይ ገዛኻ ቋንቋ ምዕቃብ

NEWCOMER PARENT RESOURCE SERIES

መፅናዕትታት ከም ዘመላኽትዎ ናይ ገዛኻ ቋንቋ ምዕቃብ ንውላድካ ካብ ማሕበራውን ስምዒታውን ረብሓ ብተወሳኺ ኣእምሯዊ ክህሎት ኣብምምሕያሽ፣ ሓፈሻዊ ኣእምሯዊ ተግባራት ኣብምጉልባትን ከምኡውን ሓድሽ ቋንቋ ንምምሃር ኣብምሕጋዝን ኣለዎ።



## ምስ ውላድካ ናይ ገዛኻ ቋንቋ ከየቋረጽካ ምጥቃም ብዙሓት ምኽንያታት ኣለውዎ፡ ፡

- ስድራኻ ብቐሊሉ ዝያዳ ንስንሳቶም ንኽዘራረቡን ዝተሓላለኹ ታሪኻት ምዝራብ ንኽኽእሉን ቀልድታትን ደርፍታትን ንምክፋል ይሕግዞም፡ ፡
- ንስኻን ውላድካን ዝያዳ ናይምቅርራብ ስምዒት ይፈጥረልኩም ይስማዓኩም፡ ፡
- ውላድካ ሃብታምን ገላፅን ዝኾነ ቋንቋ ይሰምዕን ንምጥቃምይምሃርን፡ ፡
- ውላድካ ዝያዳስምዒታቱ የካፍለካ፡ ፡
- ንስኻን ውላድካን ብዝሓሸ መልክዑ ትረዳድኡ፡ ፡
- ውላድካ ብዝበለጸ ይሰምዓካ፡ ፡
- ውላድካ ናይ ዋንንነት መንፈስ ይስምዖን ብባህሉን ቋንቋኡን ይኾርዕ፡ ፡
- ውላድካ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራን ናይ ስድራ መሓዙት ምውጋዕ ይኽእሉ፡ ፡
- ውላድካ ምናልባሽ ክልተ ቋንቋ ብዝጸፈፈ መገዲ ክዛረብ ይኽእል፡ ፡ እዚ ድማ ኣብ ትምህርቱ ዝያዳ ዕውት ክኸውን ይገብሮ፡ ፡

ሓደሽቲ ቆልዑ ኣብ መሐብሓቢ ህፃናት ወይ ቤት ትምህርቲ ፈለማ ክኣትው እንከለው ኢንግሊዝኛ ከይዛረቡን ከይርድኡን ይኽእሉ እዮም፡ ፡ ኮይኑ ግና እዚ ፀገም የብሉን! ህፃናት ኣብ ሒደት ኣወርሕ ቁሩብ ኢንግሊዝኛ ይመሀሩ፡ ፡ ከምኡ ድማ ውላድካ ክዓቢ ከሎ ኢንግሊዝኛ ብዙሕ ግዘ ምዝራብ ክጅምር ይኽእል፡ ፡

## ገዛኻ ሀገርካ ቋንቋ ምጥቃም ንምዕቃብ

- ኩሉ ግዘ ምስ ውላድካ ብናይ ገዛኻ ቋንቋ ተዘራረብ ከምኡ ድማ ኩሎም ኣባላት ስድራ ንኽጥቀምዎ ኣበረታትዕ፡ ፡
- ውላድካ ኢንግሊዝኛ ዝዛረብ እንተድኣ ኮይኑ እቲ ዝተዛረቦ ነገር ብናይ ገዛኻ ቋንቋ ኣቢሉ ንኽዛረብ ሕተቶ፡ ፡ (ፈለማ ንኽለምድዎ ብናይ ገዛኻ ቋንቋ ተዛረቦ)፡ ፡
- እቲ ቋንቋ ኣዝዩ ሰሓቢ ንምግባር ፀወታታት፣ ደርፍታትን ታሪኻትን ተጠቐም፡ ፡
- ንዉላድካ ምእዛዝ ጥራሕ እንተዘይኮነ ትኽክለኛ ዝኾነ ምይይጥ ኣካይዱ፡ ፡
- ውላድካ ናይ ገዛኻ ቋንቋ ምዝራብ ተዘይደልዩ ናይ መቦቆል ሀገሩ ቋንቋ ጥራሕ ዝዛረበሉ ከባቢ ወይ መዛረቢ ሰዓት (ንኣብነት ድራር ሰዓት) ፍለየሉ፡ ፡



Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada / Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada